# ህዝባዊ ውሳኔታት ኤርትራውያን ተቕማጦ ከተማ ሰያትልን ከባቢኣን

ንሕና ኣብ ከተማ ሰያትልን ከባቢኣን እንነብር ኤርትራውያን ሎሚ ቀዳም ፳፫ መጋቢት ፪፻፲፫ (23 March 2013) ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕ.መ.ኣ.፡ ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወት፡ ንህሉው ፖለቲካዊን፡ ዲፕሎማስያዊን፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ንዝሃቦ ሰፊሕን ግሉጽን መምርሒ ድሕሪ ምስማዕን ምዕጋብን፡ ብቕሉዕን ደሞክራስያዊ ኣገባብን፡ ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ ኣካይድና፡፡

ስርዓት ወያነን መሻርኽቱን ብዝምውልዎ፡ ካብ መስርሕ ህንጸት ሃገርን ውራይ ልምዓትን ንምዂላፍ ዝዋደዱ ሽርሒታት እንታይ ከም ዝመሰሉን፣ ነዚ እኩይ ውጥናት ምሉእ ደገፍ እንዳሃቡ፡ ንመንግስትን ውድብን ብፈጠራዊ ጸለመ እንቕብኡ፡ ሓድነትና ንምልሕላሕን፡ ሃገራዊ ድሕነትና ኣብ ሓደጋ ንምውዳቕን ንዝግበር ሃቀነታት፡ ብዕምቈት ኣስተብሂልና፡ ነብስና ንምኽኣልን፡ ቅስንትን፡ ሰልጥንትን፡ ብልጽግትን ሃገር ንምህናጽ፡ ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንዝውሰዱ ዘለዉ ውሳኔታትን፡ ንዝትግበሩ ዘለዉ ናይ ልምዓት መደባትን፡ ብዕትበት ዘቲና፡ ነዘን ዝስዕባ ውሳኔታት ኣሕሊፍ፡

፩ይ ንዂሎም'ቶም ሰላምን፡ ስምረትን ዕብየትን ህዝቢ ኤርትራ ዘይደልዩ፡ ንነኣሽቱ ፍጻሜታት ኣተዓብብዮምን ዘይናቱ ትርጉምን ትንታኔን ሂቦም፡ ዘይነበረን ዘይተገብረን ተዋስኦታት ፈጢሮም፡ ብስነ ኣእምራዊ ወራር ኣብ ህዝቢ ናዕብን ፍልልይን ከስርጹ ህርድግ ዝብሉ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ "ኢድኩም ኣክቡ" እንዳበልና፡ ኣትሪርና ንዂንን። ኣብ ጎኒ መንግስትናን ህዝብናን ኰይና ንኽንምክቶምን ኩሉ ውዲታቶም ንምፍሻልን፡ ከኣ ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ድልዋት ምዃና ነረጋግጽ።

፪ይ ነቲ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ጻዕርን ድኻምን፡ ኣብ መትከል ርእስኻ ምኽኣል ተመርኲሱ፡ ህዝብን መንግስትን ዘሰላስሎ ዘሎ ናይ ነጥበ-መቐይሮ ውህሉል ቁጠባዊ ዕብየት፡ እናደነቕና፡ ኣብ'ቲ ተሪፉ ዘሎ ዕማም ድማ፡ ከም ዜጋታት እጃምና ከነበርክት ቅሩባት ምዃና ነረጋግጽ።
ነዚ ሓያል ቁጠባዊ ዝላ፡ ንሓዋሩ ዘምጽኦ ዘይዕገት ዕብየትን ምስኡ ንዝረጋገጽ ሰላምን ቅሳነትን፡ ክርእዩ ዘይወሓጠሎም ኩሎም ተጻባእቲ ባኢታታት፡ ንቁጠባዊ ጉዕዞና ኽኾልፉ፡ ዘናፍሕዎ ዘለዉ ሓሶትን ጸለመን ድማ ኣትሪርና ንዂንን።

፫ይ መንግስትና ካብ'ቲ "ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር" ዝብል ራእዩ ተበጊሱ፡ ምእንቲ ሰላምን ምሕዝነትን ኣብ ኣከባቢና ዘካይዶ ዘሎ ውሕሉል ዲፕሎማስያዊ ኣተሓሕዛ እንዳሞጐስና፡ እቲ ኣብ ከንዲ ሰላም ህውከት መሪጹ፡ ኣህጉራዊ ሕግንን ብይንን ረጊጹ ዘሎ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ብዘይ ቅድመ ኩነትን ውዓል ሕደርን፡ ካብ መሬትና ክውጽእ ደጊምና ነተሓሳስብ።

፬ይ እቲ ዝኾነ ይኹን ጭብጥን መርትዖን ዘይብሉ፡ ኣብ ልዕሌና ዝተሰገደደ ዘይፍትሓዊ እገዳ፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ንክለዓል ንጽውዕ።

፭ይ ከም'ቲ "ጭግራፍሲ ወቐዓ ተእዊ" ዝበሃል፡ እቶም በቲ ኣብ በረኻታት ሲና ንመንእሰያትና ዝበጽሖም ዘሎ ኣደራዕ ቀንዲ ተሓተትን፡ ሃዋርያት ጥፍኣት ከንሶም፡ ደይ

*መደይ ኢሎም ንመንግስቲ ኤርትራ ክስልበጡን፡ ብምግሃስ "ሰብኣዊ መሰል" ክሽስዎን፡ ዝህቅንዎ ዘለዉ ኩሉ ክንቱ ፈተነታት ንኹንን።*

*፮ይ ከም ኤርትራውያን ኣመሪካውያን፡ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ብቐጻሊ ክጠልቦ ዝጸንሐን ዘሎን "ሃናጺ ጽምዶ ኤርትራን ኣመሪካን" እንዳደገፍና፡ ምምሕዳር ፕረሲደንት ባራክ ኦባማ፡ እወታዊ ግብረ መልሲ ክህብ ንጽውዕ።*

*፯ይ ንኹሎም እቶም ብሽም "ደሞክራሲ" ዘይ ደሞክራስያዊ ተግባራት፡ ብሽም "ሃይማኖት" ዘይሃይማኖታዊ ስራሓት፡ ብሽም "ሰብኣዊ መሰል" ዘይ ሰብኣዊ ገበናት ንኽፍጽሙ ከይደቀሱ ዝሓድሩ ባእታታት፡ መሰል ሃገርን ህዝብን ከግህሱ ከምዘይነፍቕደሎምን፡ ብትሪ ክንምክቶም ምኳና ብዘይነግፈረግ ነፍልጥ።*

*በዚ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትርውያን ሽወደናውያን ደቂ ሃገርና ንዝተፈጸመ ግብረሽበራዊ ፍጻሜታት ኣመልኪትና ከኣ፡*

- *ነቲ ብ፳፭ ለካቲት (February 25, 2013) ኣብ ከተማ ስቶክሆልም፡ ኣብ ልዕሊ ማሕበረ ኮማት ኤርትርውያን ሽወደናውያን ዝተፈጸፈመ ግብረ ሽበራዊ ስርሒት ኣድሓርሓርትን ሓሳዳት ምቀኛታት ህዝቢ ኤርትራን፡ ብትሪ ንኹንን*
- *መንግስቲ ሽወደንን ኣካላት ጸጥትኡን ነቲ ንሰላማውን ሕጋውን መተኣኻኸቢ ዝዕላማኡ ማሕበረ ኮማት ኤርትራውያን ሽወደናውያን፡ ድነ ጸልማት ተኸዲሞም ዝፈጸምዎ ናይ ሓዊ ባርዕ እኪይ ተግባራት ናይ ከተማ ሽፋቱ፡ ኣድላዪ ምርምርን ምክትታልን ገይሩ፡ ንኸሱሳት ኣብ ዓውዲ ፍትሒ ኣቕሪቡ፡ ዝግብኦም ፍርዳዊ ብይን ከተግብር ኣጥቢቕና ንጽውዕ፡*
- *ንእግረመገድና፡ ማዕከናት ዜና ሽወደንን ገለ ኣካላት መንግስቲ ሽወደንን ከኣ፡ ነቲ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሉኡላውነት ሃገርና ጣልቃ ብምእታው፡ ወግሐ ጸብሐ ኣንጻር ህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ዘካየድኦ ዘለዋ ዘይተኣደነን መኣዝኑ ዝሰሓተን ጠቐነን ጸለመን ክቝጠባ ብትሪ ነማሕጽን*
- *ነቶም ግዳያት ናይ'ዚ ግብረ ሽበራዊ ኮይኖም ዘለዉ ብጾትና - ኣባላት ማሕበረ ኮም ሽወደን - ህዝቢ ኤርትራ ከም ሓጺን ብሓዊ ከምዝተብዕ እንዳዘኻኸርና፡ ነዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ብዕሉግ ስራሓት ተጻባእትና፡ ንሓድነትና መትረርን መደንፍዕን ከም ዝኾውን ብምእማን፡ ኣብ ጎድኖም ከምዘሎና ጥራይ ዘይኮነ፡ ካባና ዝጥለብ ዘበለ ንምብርካት ድሉዋት ምኳና ብዘያማትእ መገዲ ነረጋግጽ*
- *ዘይሩ ዘይሩ፡ ኣንጻር ኤርትራን ኤርትራውያንን ዝፍተን፡ ግብረ ሽበራዊ ስርሒት ናይ መጨረሽታ ዒላማኡ፡ ነቲ ከይተሓለለ ንህዝቡን ሃገሩን ዘገልግል ዘሎ መንግስትና፡ ንምብዳህ ስለ ዝኾነ፡ ዝተፈጸመ ተንኮላዊ ስርሒት ከይዓጀበና፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ህዝብናን፡ ወትሩ ደው ከም እንብል፡ ደጊምና ነረጋግጽ*

*ዕድመ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ*
*ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና!*
*ዓወት ንሓፋሽ!*